# ዜና 05 ጥቕምቲ 2007

## ኣብ ግብጺ ኤርትራውያን ከምዝተኣሰሩ ተፈሊጡ

ኣስታት 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ካብ ርእሰ ከተማ ካይሮ 460 ኪ.ሜ ርሒቓ ኣብ ትርከብ ከተማ ኣልጋርዳ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ካብቲ ከባቢ ዝበጽሓና ዜና ይሕብር።እቲ ዜና ብተወሳኺ እቶም ዜጋታት ኣብ በርኻታት ምስሪ ከምዝተታሕዙን ንሓደ ዓመት ተፈሪድዎም ከምዘሎ ይሕብር። እቶም ዜጋታት ናብ ኤርትራ ከይጥረዙ ከቢድ ስግኣት ሓዲርዎም ከምዘሎን ይሕብር። እቶም ዜጋታት ኩሉ ግዱስ ዜጋ ፖሊካዊያን ሰልፍታት በርጌሳውያን ማሕበራትን ናይ ሰብኣዊ መሰል ትካላትን ንምልቃቕምን ንዘይመጥራዞምን ከምሓጸና ከምዝጸውዑ እቲ ዝበጽሓና ዜና ይሕብር። ድምጺ መሰልና ደሊና ኩልና ኤርትራውያን ንድሕነት እዞም ዜጋታት ዝከኣለና ክንገብር እናጸወዕት በዚ ቁጽሪ ተሌፎን ክርከቡ ከምዝኽእሉ ንሕብር +20166301419።

## ኣብ ዊዓ ሓያሎ ኤርትራውያን ይሞቱ ከምዘለዉ ተሓቢሩ

ኣብ ወርሓት ሓምለን ነሓሰን ኣብ ወትሃደራዊ መዓስከር ዊዓ ሓያለ ኤርትራውያን ከምዘሞቱ ንምንጭታት ብምጠቓስ ገዳብ ኒውስ ሓቢሩ።እዞም ዜጋታት ካብቶም ኣብ ወርሒ ሰነ ንተሃደሶ ታዕሊም ዝተጸውዑ ምኻኖም እቲ ዜና ይሕብር።እቲ ዜና ብተወሳኺ ቁጽሪ ናይቶም ሂወቶም ዝሓለፈት ዜጋታት ኣስታት 16 ከምዝበጽሕን መብዛሕትኡ ኣብቲ ናይ መምሃራን መዓስከር ከምዘጋጠመን ይሕብር።ብዘይካዚ ይብል እቲ ዜና ብኣማኢት ዝቑጸሩ ካልኦት ብከቢድ ሓሚም ከምዝርከቡ ይገልጽ።ጠንቒ ሞትን ሕማምን ክቱር ሙቐትን ዋሕዲ ፈሳሲ ዋሕዲ መግቢን ግቡእ ክንክን ሕክምና ምስኣንን ከምዘኾነ እቲ ዜና ይገልጽ። ዊዕ ኣብ ወርሓት ክራማት ክሳብ 40 ዲግሪ ሴንትግሪድ ዝበጽሕ ሓያል ሙቐት ከምዘለዎ ይፍለጥ።